# ኢሰያስ መን'ዩ ስለምንታይከ ንሜዳ ወጺኡ?

ኢሰያስ መን ምዃኑን? ወለዶኡን መበቈሉን ካበየናይ ማይቤት ምዃኑን? ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብተደጋጋሚ ተተንቲኑ ስለዝነበረ: ሎሚ ንድሕሪት ተመሊሰ ብዛዕባ ወለዶን መበቈልን ኢሰያስ ክደጋግም ኣድላዪ ኮይኑ ኣይረኸብኩዎን። ሎሚ ግና ኢሰያስ መን'ዩ: ስለምንታይከ ንሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ? ዝብል ኣርእስቲ ከቕርብ ግድነት ኮይኑ ረኺበዮ። መኸንያቱ ከኣ እቲ ቀንዲ ንህዝቢ ኤርትራ ከገድሶ ዝኽእል: መበቈልን ዘርእን ጥራይ ዘይኮነ: እቲ ኢሰያስ ኤርትራዊን ሓላይ ሃገር ኤርትራን: ህዝቢ ኤርትራን: መራሒ ኤርትራን ተመሲሉ: ካብ ሜዳ ጀሚሩ ገና ክሳብ ሎሚ: ሜላታት እናቀያየረ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ዝፍጸሞ ዘሎ ገበናዊ ውዲታት: መብዛሕት'ኡ ህዝቢ ኤርትራ ብፍልጠት ተመራሚሩ ከምዘይበጽሖ ስለዝተረዳእኩ'የ። ብግርህነትን ብእምነትን ጥራይ ግና: ንኢሰያስ ከም ወዲ ሓማሴን ኤርትራዊ ኣሚኑ: ገና ከምልኾን ክስዕቦን ክዕዘብ ከሎኹ ኣዝዩ የጕህየኒ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ እምነት'ዚ ኣላጊሱ ንኢሰያስን ውዲት ኢሰያስን: ብፍልጠት ተላዒሉ ከቃልያን ክብድሆን ከኣ ዘይሕለል ባህገይ እዩ። ስለ'ዚ ካብ'ቲ ቅድሚ ሎሚ ብቃለ-ምሕታት ዝዳሎ ዝነበረ ጽሑፋተይ: ሎሚ ግና ብርእሲ ዓንቀጽ ገይረ ከቕርቦ ስለዝወሰንኩ: ኣንሆ ብኸም'ዚ ዝቕጽል ሕጽር ዝበለ ታሪኻዊ ትንተና ኣቕርበልኩም ኣሎኹ-ሞ: ሰናይ ንባብ ይግበረልኩም።

## ኢሰያስ ኣብ ዝተናውሐ እዋን: ሕቡእ ኣጀንዳ ከተግብር'ዩ: ንሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ።

ኢሰያስ ብመደብ ንኢትዮጵያን ዓበይቲ ባዕዳውያን ሃገራትን ንኽቃለስ'ምበር: ንህዝቢ ኤርትራ ደንጊጹ ነጻ ከውጽ ኣይኮነን: ብ1966 ዓ.ም. ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ንሜዳ ኤርትራ ተላኢኹ። ብምኽሪ ንጉስ ሃይለ-ስላሴን: እንደራሴ ንጉስ ሃይለስላሴ ኮይኑ ንኤርትራ ዝገዝእ ዝነበረ ኣስራተ-ካሳን: እንደራሴ ንጉስ ሃይለስላሴ ኮይኑ ገዛኢ ጠቅላይ ግዝኣት ወሎ ዝነበረ: ደጃዝማች ሰለሙን ኣብርሃምን (ሓው ንኣቶ ኣፈወርቅ: ኣቡኡ ንኢሰያስ ዝብሃል) ተማዒዱን ተመኺሩን ብሱዳን ኣቢሉ ንሜዳ ኤርትራ ተመልሚሉ ዝተሰለፈ ሰላዪ እዩ።

ኣብ'ቲ ፈለማ እዋን እዛ ዝተጠቕሰት ጋንታ ንጉስ ሃይለስላሴ: ንኢሰያስ ወዲባ ንሜዳ ክትልእኮ ከላ: ረቂቕ መጽናዕትን ምኽርን ስለላ መርበብ ኣሜሪካን እስራኤልን ኣይነበራን ክብሃል ኣይክኣልን'ዩ። ዝኾነ ኮይኑ ኢሰያስ ነቲ ንስትራተጂ ኢትዮጵያ ዘዕውት ምኽርን መደብ ዕዮን: በታ ጋንታ ብዓል ሃይለስላሴ ዝተዋህቦ ሰኒቑ: ቅድም ንሃገር ሱዳን ቀጺሉ ከኣ ንሜዳ ኤርትራ'ዩ ኣትዩ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ነቲ ዝተዋህቦ መደብ-ዕዮ ደፋእ እናበለን ሜላታት እናቀያየረን: ሓላይ ህዝቢ ኣናተመሰለን ከተግብሮ ጀሚሩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ቤት ጽሕፈቶም: ኣብ ሶርያን ኣብ ኢራቕን'ዩ ዝነበረ። መብዛሕትኦም ከኣ ኣስላም'ዮም ዝነበሩ። ሽዑ እዋን ጅግና ተጋዳላይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ'ዩ: ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣዕራብ እናተዋናጨፈ: ነቲ ኩሉ ወጻኢ ርክባት ዘሳልጦ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ ግዜ ግና "ምስ ንፋስ ዝተጸግዔ ሓርጭ ነይቀስን" ከምዝብሃል: ምስ ኢሰያስ ስሙር ግንባር ገይሩ ሃገራዊ ግቡኡ ኣናፈጸመ ከሎ: ብውዲትን ክሕደትን ኢሰያስ ተጸልጺሉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ ሃገር ግብጺ: ብሃገሩ ኤርትራ እናጕሃየ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያን: ኣማኽርቲ ኢትዮጵያን ግና: ኣብ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ምሁራት ክርስትያን እንተተጸንቢሮሞ: ብፍላይ ንኤርትራ ብሓፈሻ ከኣ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣስጋኢ ኮነታት ክፍጠር'ዩ: ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ምሁራት ክርስትያንን ኣስላምን ተሳንዮም ብውህደት ቃልሶም እንተድኣ ቀጺሎም: እቲ ቃልሲ ኤርትርስ ክዕወት ምዃኑ

ስለዘፍርሖም'ዩ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ እቲ ሰውራ ካብ ኤርትራ ቀጺሉ: ኣብ ኢትዮጵያ ከይልሕም ስለዘሰከፎም'ዩ። ካብ'ዚ ተበጊሶም ከኣ ክርስታይን ምሁራት ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተመልሚሎም: ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ክልኣ'ኹሞ: ረቂቕን ስዉርን መደብ ዕዮ እናኣተግበሩ: ንቃልሲ ኤርትራ ከበርዕኑ'ዩ እቲ ቀንዲ ፕሮጀክቶም ዝነበረ። ካብኡ እቲ ኵሉ ፕሮጀክት ብመሪሕነት ኢሰያስ ንኽሳላሰል: ብመደብ ንኢሰያስ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ኮይኑ: ብፍላይ "ወዲ ሓማሴን ተመሲሉን: ብዝያዳ ድማ ሓላይ ሃገርን ፈታው ህዝብን ኮይኑ ቋንቋ ህዝቢ ኣናተዛረበ": ንኽገልግል ብስዉር ወዲቦም ዝልኣኽዎ'ዩ። ስለ'ዚ ኢሰያስ ኣብ ዝተናውሐ እዋን: ሕቡእ ኣጀንዳ ከተግብር ጥራይ እዩ ንሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ።

## ኢሰያስ ኣባል መሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማ ከሎ: ስርያ-ኣዲስ ዝብሃሉ ክርስትያን ክርሽኑ ከለው ስዉርን ግሁድን ኢድ ነይሩዎ'ዩ።

ኢሰያስ ንሜዳ ድሕሪ ምውጽኡ ቀልጢፉ ኣባል መሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማ ኮይኑ: ሓላፍነት ተሸኪሙ ድማ ንኢትዮጵያ ከገልግል ተመዚዙ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ *1967* ዓ.ም. እዩ ዝነበረ። ካብ *140* ክሳብ *150* ቍጽሮም: ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣስመራን ካልኦት ከተማታት ኤርትራን: ስሩዓት ተ.ሓ.ኤ. ኮይኖም ዝቃለሱ ዝነበሩ <u>ስርሩያ-ኣዲስ</u> ዝተባህሉ ክርስትያን (ካብ'ዚኣቶም *3* ጀበርቲ ዝርከቡዎም): ኣብ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ተጸንቢሮም ንሃገሮም ክቃለሱ ንሜዳ ኤርትራ ወጺኦም። ክቃለሱ ምስ ሓተቱ ግና: መሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓ "ክታበት ደው ኣቢልናዮ ኢና": ኢሎም ኣዋጅ ኣውጺኦም ስለዝነበሩ: "ክታበት ተሪፉ'ዩ ዝብል ትእዛዝ ተሓላሊፉሎም። ስለ'ዚ ነቶም ካብ ጸላኢ ሃዲሞም ንሃገሮም ክቃለሱ: ንሜዳ ዝወፈሩ ንጹሃት ኤርትራውያን: ንሃገሮም ከይምለሱን ወይከኣ ንሱዳን ከይስደዱን ግና: ንኽቕንጸሉ ተፈሪዶም። ቀንዲ ንኽንጸሉ ዘማኸረ ከኣ ኢሰያስ'ዩ ዝነበረ። ካብ'ቲ ኢሰያስ ንመሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማ: ብዛዕባ ስሪያ-ኣዲስ ዝሃቦ ርእይቶ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ነበረ:- "እቲ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ክኽበር ኣለዎ: እዞም ሰባት'ዚኦም ክታበት ምስ ተዓጽወ ስለዝመጹ ክቕንጸሉ ኣለዎም" ኢሉ ርእይቶ ከምዝሃበ ርጉጽ ሓበሬታ ኣሎ። ክሳብ ሎሚ ብህይወቱ ኣብ ሃገር ስዊድን ዝነብር ዘሎ: ኣሕመድ ሰክረተር ኣባል ላዕለዋይ መሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማ ህያው ምስክር'ዩ። ኣነ ቅድሚ 8 ዓመታት ምስ ኣሕመድ ሰክረተር: ብኣካል ተራኺበ ነቲ ታሪኽ ስሪያ-ኣዲስን ኢሰያስን ተዘራሪበሉ'የ። ክምስክር ከሎ ኣሕመድ ሰክረተር ከም'ዚ ይብል:- "ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣነ ከም ዋና-ጽሓፊ መጠን: ኣብ'ዚ ሰብ'ዚ ስግኣትን ጥርጣራን ኣሎኒ: እዚ ሰብ'ዚ ነዚ ውድብ'ዚ ምሁራትን ክርስትያንን ሰንቢዶም ከይዓስሉዎ'ዩ ዝገብር ዘሎ: ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስትያንን ፍልልይ ክፈጥር: ዝተላእከ'ዩ ዝመስለኒ ዘሎ: ነዚ ሰብ'ዚ ኣሲርና ዘይንምርምሮ" ኢለ ርእይተይ ንመሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማ ኣቕሪበ ነይረ'የ። ቅያዳ-ኣልዓማ ግና: "ሓደ ምሁር ሓማሴናይ ተረኺቡስ ከምኡ ክንፍጽም ኣይግቡእን'ዩ" ኢሎም ነቲ ሓሳበይ ነጺጎሞ"። ብተወሳኺ'ውን ክሳብ ሎሚ ብህይወቱ ኣብ ሃገር ስዊድን ዝነብር ዘሎ: ሽዑ እዋን ኣባል መሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማን ሓላፊ ጸጥታ ተ.ሓ.ኤ.ን ነበር: <u>ሳልሕ ሓዮቲ ዝብሃል</u>: ምናልባት እቶም ብውዲት ኢሰያስ ዝተቐትሉ ሱርያ-ኣዲስ: ኣስማቶምን ቍጽሮምን ዝሓዘ ኦርኒክ ክህልዎ ወይ ክዝክሮም ይኽእል ይኸውን ኢለ እግምት'የ። ስለ'ዚ ኢሰያስ ኣባል መሪሕነት ቅያዳ-ኣልዓማ ከሎ: ኣብ'ቲ ምርሻን ስርያ-ኣዲስ ስዉርን ግሁድን ኢድ ነይሩዎ'ዩ።

## ብወልዳይ ካሕሳይ ዝምርሑ: ብዙሓት ክርስትያን ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ.: ብሰንኪ ቅትለት ስሪያ-ኣዲስ ንኢትዮጵያ ሰሊሞም።

ብድሕሪ ምቕንጻል ተማሃሮ ስሪዓ ኣዲስ: ብወልዳይ ካሕሳይ ዝምርሑ ብዙሓት ክርስትያን ተጋደልቲ: በቲ ኩነታት ስለዝሰንበዱ: ብረቶም ጠንጢናም ኣብ መንግስቲ ሃይለስላሴ ከምዝሰለሙ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ድሕሪ'ዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ "ጀብሃ ክርስትያን ትሓርድ ኣላ" ኣናበለ ብዙሕ ፕሮፓጋንዳ ብራድዮን ብጋዜጣን ነዚሑ። ኣብ ውሽጢ ህዝቢ

ኤርትራ ከኣ ብዙሕ ሕንፍሽፍሽ ተላዒሉ። እዚ ውዲት'ዚ ከኣ ብሰንኪ ኢሰያስ: ዓቢ መኸልኣያ ኣብ ሰውራ ኤርትራ'ዩ ፈጢሩ። ካብኡ ኢሰያስ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ተፈልዩ ንከበሳ ክድይብ ከሎ: ኣብ ከሰላ ኮይኖም ዝቃለሱ ዝነበሩ ክልተ ሓርበኛታት ኤርትራውያን: ወልዳይ ግደን <u>ዓዱ ዓዲ ጽንዓይ ሎጎ-ጭዋ-ሓማሴን</u>: ኪዳነ ክፍሉ ዓዱ <u>ማእዶ ተኸላ ሰራየ</u>: ካብ ተ.ሓ.ኤ ተፈሊና ንከበሳ ንድይብ ስለዘሎና ስዓቡና እትብል ብኢድ ኢሰያስ ዝተጻሕፈት ደብዳቤ: ኣብ ኢዶም ኣብ ክንዲ ትበጽሕ: ኮነ ኢሉ ኢሰያስ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጸጥታ ተ.ሓ.ኤ. ከምትበጽሕ ስለዝገበረ: እዞም ክልተ ክርስትያን ኣብ ከሰላ ተቐንጺሎም። ዓማ ክርስትያን ቀንጺላ ተባሂሉ ድማ ኣብ ምሉእ ከሰላ ኮነ: ኣብ ምሉ ካርቱም ተወርዩ። እዚ ስዉር ውዲት'ዚ ድማ ቀንዲ ዓላማኡ: ንኣስላም ክርስትያን ከይሕወሱዎም ተባሂሉ: ንኢሰያስ ብሃይለስላሴ ዝተዋህቦ መደብ ዕዮ እዩ ዝነበረ።

## ኢሰያስ ንኸበሳ ምስ ወጸ ዝፈጸሞም ገበናት ብዙሓት'ዮም።

ኢሰያስ ብድሕሪ'ዚ ቀጺሉ ንከበሳ ምስ ወጸ: ኣብ ዱርፎ ዝተባህለ ቦታ መወጽ ዝሰሊያም ዝሸጡ *11* ደቂ ትግራይ ረሺኑዎም። ካብኡ ብትእዛዝን ብውዲት ኣስራተ-ካሳ: ኣብ ራድዮ ኢትዮጵያን ግዜጣ ኣዲስ ዘመንን: "መራሕቲ ኣስላም ክርስትያን ንትግራዎት ረሺኖም" ዝብል ወረ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብዜና ማዕከናት ተነዚሑ። ካብኡ ኣስራተ-ካሳ ንልዑል ራእሲ መንገሻ ስዩም: ሽዑ እዋን እንደራሴ ሃይለስላሴን ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ጸዊዑ: "ክርስትያን ትግራዎት ብኣስላም ክሕረዱ ከለው: ህዝቢ ትግራይ ትም ኢሉ ድዩ ክዕዘብ ብረትዶ ኣየልዕልን'ዩ" ምስ በሎም: ንሶም ድማ "ኣብቲ ዝተኸልከለ ቦታ ዘይምኻድ ድኣምበር: ህዝቢ ትግራይ ግና ምእንት'ዚ ብረት ኣየልዕልን'ዩ" ኢሎም መለስሉ። ኣብ መንጎ ጽንዓ-ደግለን ቶርዓን ዝነበረ ግርጭት'ውን ኢድ ኢሰያስ ነይሩዎ'ዩ። ስዉእ ዶክቶር ፍጹም ገብረስላሴ: ንለባማት ጽንዓ-ደግለን ቶርዓን ጸዊዑ: ነቲ ግርጭት መዕረፊ ገይሩሉ ነይሩ'ዩ። ሸኽ መሓመድ ዝተባህሉ ሚስሌነ ቶርዓ ዝነበሩ: ምስ ዶክቶር ፍጹም ገብረስላሴ ተራኺቦም: ነቲ ጉዳይ ከምዝሃድእ ገይሮም'ዮም። ድሕሪ'ዚ ነዞም ሸኽ መሓመድ ዝተባህሉ ሚስሌነ ቶርዓ: ካብ ኣስመራ ብኣውቶቡስ ተሳፊሮም ንዓዶም ክምለሱ ከለው: ኣብ ግዋ እትብሃል ኣብ መሬት ስሓርቲ እትርከብ ቦታ ምስበጽሑ: ካብ ኣውቶቡስ ሰታዮ ኣውሪዶም ረሺኖሞም። እቶም ቀተልቲ ኣብ'ቲ ረሳ ሸኽ መሓመድ ብዓቢ ጽሒፎም: "እዚ ገበን'ዚ ክርስትያን ደቂ ጽንዓደግለ ዝፈጸምዎ'ዩ" ዝብል ጽሑፍ ገዲፎም ሃዲሞም ተሰዊሮም። እዚ ውዲት'ዚ እውን ውዲት ኢሰያስን ኣስራተካሳን ድኣዩምበር: ውዲት ደቂ ጽንዓደግለ ኣይነበረን።

## ኢሰያስ "ንሕናን ዕላማናን" ዝብል መርዛም ማኒፌስቶ ክዝርግሕ ከሎ: ንኣስላምን ክርስትያንን ከጻልእ ኢሉ'ዩ።

ካብኡ ቀጺሉ "ንሕናን ዕላማናን" ዝብል: ብዕሊ ንክርስትያን ጥራይ ዝሓሊ መርዛም ማኒፌስቶ: ኣብ ውሽጢ ደቂ ከበሳ ዘርጊሑ። ስሚዒት ህዝቢ ከበሳ መዝሚዙ ከኣ: ኣንጻር ኣሕዋቶም ኣስላም ንኸስለፉ ኣሃሚሉዎም'ዩ። በዚ ድማ ሰውራ ኤርትራ ቀዳማይ ጸላኢኡ: መንግስቲ ኢትዮጵያን ጕይቶቱን ጥራይ ኣለልዩ: ብሓባር መኪቱ መታን ከይዕወት: ኢሰያስ ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስትያንን ስሚ ነዚሑ: ንሰውራ ኤርትራ ከምዝጕተት ብምግባር ገበን ፈጺሙ'ዩ።

## ኢሰያስ “ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ወይ “መንካዕ“ ዝብል ስም ኣጠሚቑ: ንምሁራት ጀጋኑ ኤርትራውያን ቀንጺሉ።

ኤርትራ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ጥርይ ዘይኮነ: ሎሚ'ውን ኣንተኾነ ዋሕዲ ምሁራት ኣለዋ። ምሁራት ከኣ ንሓንቲ ሃገር ኣዝዮም ከምዘድልዩዋ ርዱእ'ዩ። ኢሰያስ ግና ንከምስል ድኣዩ: ፍልልይ ኣስላምን ክርስትያንን ዘካይድ ነይሩ'ምበር: ቀንዲ ዓላማኡስ ዝኾነ ይኹን ምሁርን ለባምን ሓርበኛ ኤርትራዊ ወዲ ክበሳ ንምጥፍእ'ዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ነቶም ካብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ንሃገሮም ነጻ ንኸውጽኡ ብ*1972* ዓ.ም. ንሜዳ ዝወፈሩ ምሁራት ደቂ ሃገር: ብ*1973* ዓ.ም “ኣዕናዊ ምንቅስቓስ“ ወይከኣ “መንካዕ“ ኢሉ ብምውንጃል: ንገሊኦም ሽዑን-ንሽዑ ቀንጺሉዎም: ንገሊኦም ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣቐንዩ ብዘይይ ፍርዲ ቀንጺሉዎም። ኩሎም ድማ ክርስትያን ጥራይ እዮም ዝነበሩ።

## “የማናውያን ኢኹም“ ተባሂሎም ብምውንጃል: ብኢሰያስ ዝተቀንጸሉ ንጹሃት ደቂ-ሃገር ብዙሓት'ዮም።

ብ*1977-1978* ዓ.ም. ድማ ቀዅጽሮም ካብ *26* ንላዕሊ ዝኾኑ ንጹሃት ምሁራትን ደቂ ሃገር: ከም ብዓል ዶክቶር እዮብ ገብረልዑል: ኣብ ሶቬት ሕብረት ዝተማህረ ዝርከቡዎም: ብዘይ ፍርዲ ከም ኣመሉ ነቶም ቀንጺልቲ ጭፍራ-ሽበራኡ ኣዚዙ መንቀኡሱዎም'ዩ። ካብ *90%* ከተማታት ኤርትራ ብሰራዊት ጀብሃን ሻዕብያን ነጻ ወጺኡ ከብቅዕ ከኣ: ስኣን ስምምዕ መራሕቲ ጀብሃን ሻዕብያን: ብሕልፈ'ኳድኣ ራእዪ ኢሰያስ ኣብ ክንዲ ስምረት ህውከትን ምፍልላይን ስለዝኾነ: ስኣን ስምምዕ ክልተ ደቂ ሃገር: ነቲ መሬትን መስኪን ህዝብን ጠንጢኖሞ: ግዳይ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኮይኑ።

## ብሰንኪ ኢሰያስ ኣብ መንጎ ክልተ ደቂ ሃገር: ዅናት ሕድሕድ ተባሪዑ።

ብ*1982* ዓ.ም. ገና ቀዳማይ ጸላኢ ንህዝቢ ኤርትራ እናኣሳቐዮ ከሎ: ብሰንኪ ሰላዩ ኢሰያስን ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበሩ ስውራት ሰለይቲ መሻርኽቱን: ኣብ ከተማ ካርቱም ዝነብሩ ኣማኸርቲ-ስሊያን ዝተሃንደሰ ውዲት: ንህዝቢ ኤርትራ ዘየርብሕ ውግእ ሓድሕድ ወሊዖም። ሳዕቤኑ ከኣ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ኤርትራ: ብጥይት ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን በጃ ኮይኖም። ብኸም'ዚ ድማ ካብቶም ብወተሃደር ኢትዮጵያ ዝጠፍኡ መንእሰያት ኤርትራ: ብውግእ ሓድሕድ ጀብሃን ሻዕብያን ዝጠፍኡ ይበዝሑ ነይሮም። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ገበን'ዚ ምስ ሰምዐ ከኣ: ዓረቕቲ ወራዙትን ዓበይቲ ዓድን ካህናትን መዚዙ ንሜዳ ልኢኹ። እቶም ዓረቕቲ ድማ ፈቐዶ ጐቦታትን ሽንጭሮታትን ጠሓሒሶም: ምስ መራሕቲ ሻዕብያን ጀብሃን ተራኺቦም: “ኣሕዋት ምስዝፋቐሩ ጸላእቶም ይስዕሩ: በጃኻትኩም ምእንቲ ህዝቡኹም ሓቢርኩም ጸላኢና ቀንጥጡልና: መምከሒ ኣይትግበሩና“ ኢሎም ከኣ ለሚኖሞም። ካብቶም ሽዑ ዝነበሩ ዓረቕቲ'ውን:- “ኣብቲ ግዜ ዕርቂ ብፍላይ ኢሰያስ ግብሩን ተልእኸኡን ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ ዝነበረ: ነቲ ስምረት ዝዘርግ ጸረ ዕርቅን ሕብረትን ተዋስኦ እናምጽኤ: የላግጽ ከምዝነበረ ዘይርሳዕ ታሪኽ'ዩ“ ክብሉ ካብቲ ዘጋጠሞም ተምክሮ ኣዘንቲዮምለይ እዮም።

## ኢሰያስ ምስ ወያኔ ተላፊኑ: ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ካብ ገጽ መሬት ኤርትራ ንመሬት ሱዳን ከምዝጕሓፉ ገይሩ'ዩ።

ብድሕሪ'ዚ ኢሰያስ ዝገበረ ገሩ ነቲ ብህዝቢ ዝተጠልበ ስምረት ምስ ኣፍሸሎ: መደብ ዕዮኡ ንኽተግብር ቀጺሉ። ምስ ውድብ ወያኔን ምስ ሰለልቲ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ.ን ተላፊኑ ድማ: ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ካብ ገጽ መሬት ኤርትራ ንመሬት ሱዳን ከምዝጕሓፍ ገይሩ። ጸኒሑ ከኣ ኢሰያስ ንሜዳ ኤርትራ ምስ ብሓቶ: ኣብ ፈቐዶ ዓድታት ኤርትራ በቶም ቀንጸልቲ-

ጭፍራኡ እናስሎኽ: ነቶም ንእከይ ግብሪ ሻዕብያ ዓገብ ንዝበሉ ብዙሓት ዓበይቲ ዓድን ወራዙትን: መታን ንህዝቢ ንከጃጁ ቀንጺሉዎም'ዩ። ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ መሪዙ። መንእሰያት ብሓይሊ ክተቱ ኣናበለ: ብቐስብ ካብ ገዝኦም ገፊፉ ኣብ ኵናት ኣዕሪቡዎም'ዩ። ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓሊ ኤርትራዊ መራሒ ግና: ከቶ ከም'ዚ ኣከይ'ዚ ኣይፍጽምን'ዩ።

## ድሕሪ ምሕቃቕ ተ.ሓ.ኤ: ኢሰያስ ሓርበኛታት መራሕትን: ተጋደልትን ኤርትራውያን: ካብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ቀንጺሉ'ዩ።

ነቲ ስዉር ኣጀንዳኡ ዝተረድኡ ጀጋኑ: ከም ብዓል ኣብራሂም ዓፋን ሰለሙን ወልደማርያምን: ካልኦት ጀጋኑ ኤርትራውያንን ብስዉርን ብሰላሕታን ቀንጺሉ ድማ ምስ ውድብ ወያኔ ተሓናጊሩ ንኣስመራ ተቛጻጺሩ። ገና ኣስመራ ከይተታሕዘት ከላ ድማ: ፈጻሚት ሽማግለ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከየፍለጠ: ውዲታዊ ኣኼባ ንከካይድ ብጐይቶቱ ንለንዶን ተጠሊቡ ከይዱ። ምስ ኣቶ መለስ ዜናዊን ምስቲ ንፍሉይ ጉዳይ ቀርኒ ኣፈቃ: ብመንግስቲ ኣሜሪካ ዝተመዘዘ ሚስተር ሀርማን ኮሀን ተራኺቡ። እቲ ኣብ ለንደን ዝተገብረ ውዕል ከኣ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕቡእ ምስጢር ኮይኑ'ዩ ተሪፉ።

## ኢሰያስ ድሕሪ ነጻነት: ኣብ ክንዲ ንፍትሕን ህንጻ ሃገርን ዝቃለስ: ንረብሓ ባዕዳውያን ኣዕነውቲ ውግኣት ከካይድ መሪጹ።

ብድሕሪ'ዚ ስዉር ውዕል'ዚ ከኣ: ህዝቢ ኤርትራ ክቡር ድሙ ኣፍሲሱ: ንጸላኢ ካብ መሬት ኤርትራ ሰጒጉ ከብቅዕ: ኣብ ክንዲ ሽዑ ንሽዑ ነጻነቱ ዝእውጅ: ብሰንኪ ውዲት ኢሰያስ ድሕሪ ክልተ ዓመት ብረፈረንደም ነጻነቱ ክረጋገጽ ኣለዎ ተባሂሉ ተወሲኑ። ረፈረንደም ከኣ ተኻይዱ። መንግስቲ ሱዳን ድማ እታ ቀዳመይቲ ብነጻነት ኤርትራ ዝኣመነት ሃገር ነበረት። መንግስቲ ኢትዮጵያ'ውን ቀጺላ ብነጻነት ኤርትራ ኣመነት። እዚ ኩሉ ፍጻሜታት ተፈጺሙ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ሕገ-መንግስቲ ወይ ሃገራዊ ሕጊ ኣርቂቑ ብምእዋጅ: ብሕጊ ዝምእዘዝ ፓርላማ ኣብ ክንዲ ዝምስረትን: ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጐረባብቱ ተሳኒዩ ሕረስ-ሓራሳይ ንገድ ንጋዳይ ከይብል: ኢሰያስ በብእዋኑ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት: ኣዕናዊ ውግኣት ንኸካይድ መሪጹ። ምስ መንግስቲ ሱዳን ውግእ ተወሊዑ: ካብ ሽዱስተ-ሽሕ ንላዕሊ ተጋደልቲ ኣብ ኵናት ሱዳን ፈሊሶም። ነቲ ዝተኻየደ ውግእ ዝምስክር ሽዑ እዋን ኣዛዚ ውግእ ዝነበረ: ሻምበል ፍቕረ ዝተባህለ ኤርትራዊ: ክሳብ ሎሚ ኣብ ሃገር ስዊድን ይነብር ኣሎ። ዑመር ሓሰን ኣሕመድ ኣል-በሺር: መራሕ መንግስቲ ሱዳን: ቅድሚ ረፈረንደም ንህዝቢ ኤርትራ ቍጠባዊ ሓገዝ ሓደ ሚልዮን ጅኔ ብጥረ-ገንዘብ ለጊሱ'ዩ። ንኸም'ዚ እትሕግዝ ሃገር ግን ውግእ ኣይትውልዕን ኢኻ። ኢሰያስ ግና ወልፈ ውግእ ስለዘለዎን: ተልእኾኡ ድማ ስለዝኾነን: ምስታ ቅድሚ ኩሉ ነጻነት ኤርትራ ዝኣመነት ሱዳን ውግእ ወሊዑ።

ካብ'ዚ ቀጺሉ ኢሰያስ "ሃገር የመን ደሴታት ሓኒሽ ገቢታትልና" ኢሉ: ደማዊ ውግእ ምስ መንግስቲ የመን ወሊዑ ተሳዒሩ። እተን ደሴታት ሓኒሽ ድማ ብቤት ፍርዲ ዓለም ንሃገር የመን ተዋሂበን። ካብኡ ቀጺሉ ኢሰያስ ምስ መንግስቲ ጁቡቲ ተናኺሱ። ብመንግስቲ ፈረንሳ ምስተገንሐ ግና ኣንሳሒቡ። ኣዚ ከይኣኽሎ ከኣ: ነታ ንእሽቶ ዓዲ ባዱመ: "ወያነ ጠራሮ ወሪሮምኒ" ኢሉ ሕሱር ፕሮፓጋንዳ ኣብ ህዝቢ ብምንዛሕ: ኣዕናዊ ውግእ ወሊዑ ከምስል ምስ ለለላ መርበብ ክመያየጥ ንስዑዲ-ዓረብ ገይሹ። ብሰንኪ'ቲ "ዶባዊ-ውግእ" ዝፍለጥ: ግን ከኣ ንጥፍኣት ዝዕድም ዘይቅኑዕ ውግእ: ካብ ሚእቲ-ሽሕ ዝበዝሕ መንእሰይ ሃሊቑ። "ድሕሪ ማይ ኣብ ብዓቲ" ከምዝብሃል ከኣ: ድሕሪ ስዕረት "ዶባዊ ኵናት": ዕረቑኒ ኢሉ መለኸት ነፊሑ። ብመንጎኝነት መንግስቲ ኣልጀርያ ድማ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ: ኣብ ከተማ ኣልጀርስ ዘሕፍር ስዕረት ተቐቢሉ ተፋራሪሙ። ባዕዳውያን ሓይልታት (ሰራዊ ሕቡራት ሃገራት): ኣብቲ ብጀጋኑ ደቂ ኤርትራ ሓራ ዝወጸ መሬት ኤርትራ ከኣ ዋርድያታት ኮይኖም መዓስከር ገይሮም። እዚ ከይኣኽሎ ድማ ኣብ ሃገር ኮንጎ መሳኪን ኤርትራውያን ተጋደልቲ ልኢኹ: ብድያመንድን ወርቅን ቀዩሩዎም። ኣብ ዘይሃገሮም ከኣ

ግዳይ ዘይረብሕሉ ኵናት ኮይኖም ዓሪቦም። እዚ ኩሉ ብኢሰያስ ዝፍጸም ዘሎ ኣሉታዊ ፍጻሜታስ: ንረብሓ መን'ዩ ኢሉዶ ህዝቢ ኤርትራ ሓቲቱን ተመራሚሩን ይፈልጥ? ኢሰያስከ እዚ ብዘይዕረፍቲ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ነነጢሩ: ዓለምለኽ ዶብ ጥሒሱ: ውግኣት ዝውልዕስ: ንህዝቢ ኤርትራን ንልዑላውነት ኤርትራን ስለዝሓለየ ደኾን ይኸውን? ኣይፋሉን! ብዙሓት ተመራመርቲ ፖለቲካ ዘረጋገጽዎ ጭቡጥ ሓበሬታት ከምዝምስክሮን: ተመክሮ ሰውራ ኤርትራ ዘረጋገጾ ክውንነትን: ኢሰያስ ካብታ ንሜዳ ዝተሰለፈላ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ: ካብ'ቲ ዝተዋህቦ መደብ-ዕዮ ከይወጸ ሚላታት ኣናቀያየረ ከተግብሮ ጥራይ እዩ ጸኒሑ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዓላማን ራእዩን ኢሰያስ ገና ኣይተቐየረን። ዋላኳ መታን ንህዝቢ ኤርትራ ንኽሃምል: ዝተፈላለየ ሜላታት እንተቀያየረ: ንዘስተብህልን ዝመራመርን ሰብ: እቲ እኩብ ድምር መደብ-ዕዮ ኢሰያስ: ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ባርነት ኣእትዩ: ንልዑላውነት ኤርትራ ቀንጢጡ: ነታ መሬት ኤርትራ ድማ ንባዕዳውያን ንኽማስሓ ጥራይ እዩ።

## ኣካለ-ስንኩላን ማይሓባር: ብትእዛዝ ኢሰያስ'ዮም ተቐንጺሎም።

ጕድ ኢሰያስ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ነቶም ኣብ ሓርነታዊ ኵናት ዝሰንከሉ: ጀጋኑ ኣካለ-ስንኩላን ኤርትራውይን: "ህዝባዊ መንግስቲ ይተኸል! መብጽዓ ስውኣት ይተግበር"! ኢሎም ሰላማዊ ሰልፊ ንኽገብሩ ካብ ማይ ሓባር ነስመራ ምስተበገሱ: ቀንጻልቲ-ጭፍራኡ ኣዚዙ ብጥዪት ክምዝቐሉው ገይሩ'ዩ። ጸኒሑ ዓገብ ንዝበሉ 15 ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ህዝባዊ ግንባር: "ኣይፋልናን ብኸም'ዚ ሃገር ኣይምሓደርን'ዩ: ስልጣን ንህዝቢ ነረክብ" ዝብል ጠለብ ሒዞም ስለዝተላዕሉ: ጨውዩ ኣሲሩዎም። ገሊኦም ኣብ ቤት ማእሰርቲ መሽምሾም መይቶም። እቶም ዝተረፉ ድማ ክሳብ ሎሚ: ብዘይ ፍርዲ ኣብ ዘስካክሕ ቤት ማእሰርቲ ንሕልፈታት ይበልዩ ኣለው። እዚ ኩሉ ኣሉታዊ ፍጻሜታ'ዚኸ እንታይ ክብሃል'ዩ? ኢሰያስ ንህዝቢ ኤርትራን ንልዑላውነት ኤርትራን: ልዕሊ ኩሉ ህዝብን ተጋደልትን ስለዝሓለየ ድዩ: ወይስ ብዓሰብቱ ዝተዋህቦ መልእኽቲ'ዩ ዝፍጽም ዘሎ? እወ! ብጐይቶቱ ዝተዋህቦ መልእኽቲ ንምፍጻም: ብመደብ ኮነ ኢሉ እዩ ዝፍጽም ዘሎ። እዚ ኢሰያስ ንሜዳ ካብ ዝወፍር ጀሚሩ: ክሳብ ሎሚ ዝፍጽሞ ዘሎ ኣሉታዊ ፍጻሜታት: ብሓቂ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኢሉ ይገብሮ እንተድኣ ሃልዩስ: ህሉው ኵነታት ህዝቢ ኤርትራ ምክትታል እኹል መረዳእታ'ዩ።

## ግብረ-ሽበራዊ ወፍሪ ኢሰያስ ኣብ ሃገር ሶምል ንመን ረብሓ'ዩ?

ኵናት ምስ ሱዳን: ኵናት ምስ ጅቡቲ: ኵናት ምስ የመን: ኵናት ምስ ኢትዮጵያ ምስወድኤኸ: ንህዝቢ ዘርብሕ ቍምነገር እንታይ ገበረ? ነቲ ንኣሜሪካውያንን ንኤውሮጳንን ዘረብረቦም ጕዳይ ሃገር ሶማል: ኢሰያስ ሓላይ ህዝቢ ሶማል ተመሲሉ: ውቅያኖስ ሰጊሩ ጐብለል ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮይኑ ግብረ-ሽበራዊ ፍጻሜታት ገና ይፍጽም ኣሎ። እዚ ተልእኾ'ዚ ከኣ ነቲ ኣሜሪካ ዝሃብዎ መደብ-ዕዮ ንምትግባር ጥራይ እዩ'ምበር: ንህዝቢ ሶምል ደንጊጹ ኣይኮነን። ዕዮ ገዛ ህዝቢ ኤርትራ ገና ከይተተንከፈ ተኾሚሩ ከሎ: ከምቲ ኣሜርካ ዝደልዩዎ ንሃገር ሶማል ክበታትን ተዋፊሩ። ስለ'ዚ እዚ ኣብ ሶማል ዝፍጽሞ ዘሎ ግብረ-ሽበራዊ ወፍሪ: ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራን: ንረብሓ ህዝቢ ሶምልን ዘይኮነስ: ንረብሓ ልኣኸቱ'ዩ። ሶማልን እቲዮጵያን ኣንተኾይኖም ግና: ብሰንኪ ኦጋዴን ምዓስከ ተፋቒሮም ይፈልጡ። ኣብ ግዜ ንጉስ ሃይለስላሴ ውግእ ነይሩ'ዩ። ኣብ ግዜ ደርጊ ውግእ ነይሩ'ዩ። ሕጂ'ውን እቲ ግርጭት ገና ስለዘይተፈትሐ ይቕጽል ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ግና ምስ ሃገር ሶማል ዘራኽቦ ዶባዊ ግርጭት ስለዘይብሉ: ምስ ህዝቢ ሶማል ኣብ ግዜ ሰውራ ይኹን ሎሚ ሽግር ኣይነበረናን። ሎሚ'ውን ከገራጭወናን ከሳሓሕበናን ዝኽእል ዋላ-ሓደ መኽንያት የብልናን። ኢሰያስ ግና ተልእኾ ስለዘለዎ: ዓለም-ለኸ ዶብ ሰጊሩ: ኣብ ሶማል ስርሔይ ኢሉ ግብረ-ሽበራዊ ወፍሪ ገና ከይተሓለለ ይካይድ ኣሎ።

## ኢሰያስ ዲክታቶር ኣይኮነን ፋሺስት'ዩ!

ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ እዋን: በቶም ኣብ እዋን ቃልሲ ዝሃለቑ ደቁ ክድበስ: እቲ መሰሉ ተገፊፉ ዘሎ ክትካእ: እቲ ብኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተገቢቱ ዘሎ መሬቱ ከም ቀደሙ ኣብ ዋናታቱ ደቂ ሃገር ክምለስ: እቲ ኣስማተን ተደምሲሱ ዘሎ ኾርዓት ኣውራጃታቱ ክምለስ: እቲ ረኺሱ ዘሎ ጭዋ ባህሉን: ቅዱስ ሃይማኖቱን ክሕደስ: ነታ ብጀጋኑ ደቁ ሓራ ወጺኣ ዝተባህለት ሃገሩ: ክንዲ ጠንጢኑዋ ኣብ ባዕዳውያን ሃገራት ዝስደድ: ተቓሊሱ ዘምጽኦ ነጻነቱ ኣናስተማቐረ ክነብረላ'ዩ ዝደሊ'ምበር: ዝሓለፈ ኾናት ኣርባዓ ዓመታት ከይኣኽሎ: ደቁ ዕሱባት ኢሰያስ ኮይኖም: ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ኣብ ኾናት ክጠፍኡ ኣይኮነን። ኣብ ኾናት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ምንም ረብሓ የብሉን። ብዙሓት ሰባት ኢሰያስ ዲክታቶር እዩ" ክብሉ እሰምዕን ክጽሕፉ ድማ እንብብን'የ። ኣነ ግና ንኢሰያስ ፋሺስቲ'የ ዝብሎ። ብዙሓት ዲክታቶራት ኣብ ዓለም ነይሮም'ዮም። ኢዲ-ኣሚን ዝብሃል ዲክታቶር'ውን: ገዛኢ ሃገር ኡጋንዳ ከምዝነበረ እዝክር'የ። ንሱ ግና ከም'ዚ ኢሰያስ ንህዝቡ ብጥሜት ኮኒኑ: ንስደት ንኸውሕዝ: ብተዘዋዋሪ ዝሰጎ ዘሎ ደቂ ሃገር ኣይሰጎጎን። ንህዝቡ ቅጫ እናብልዐ ግና ንደቂ ወጻኢ'ዩ ካብ ሃገር ኡጋንዳ ሰጒጒዎም እምበር: ንደቂ ኡጋንዳስ ካብ ዓዶም ኣይሰጎኖምን። ኢሰያስ ግና ብስም "ሃገራዊ ኣገልግሎት" እናሸቀጠ: ንመንእሰያት ኤርትራውያን ካብ መኣዲ ትምህርቶም ገፊፉ: ኣብ በረኻ ሳዋ ዘሪዑ ንኽስደዱ ፈኒዩዎም ኣሎ። ስለ'ዚ ንዓይ ከም'ዚ ገበን'ዚ ዝፍጽም ሰብ: ዲክታቶር ኣይኮነን ፋሺቲ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ጸረ ህዝብን ሃገርን ዝኾነ ብገበናት ዝሕተት ሰብ'ዩ።

## ዝምድና ኢሰያስ ምስ ቅንጅት: እንታይ እዩ ዓላምኡ?

እዚ ሰብ'ዚ ሕጂ ድማ ሕሉፍ ሓሊፉ: ንህዝቢ ኤርትራ ስለዝነዓቐ: ነታ ጋንታ ንጉስ ሃይለ-ስላሴን: ኣስራተ-ካሳን ደጃዝማች ሰለሙን ኣብርሃምን: ንሜዳ ከተፋንዎ ከላ: ቃል ኪዳን ዝኣተዋ ንምትግባር: ምስ ቅንጅት ክትሓባበር ይርኤ ኣሎ። ምናልባት'ውን ካድረታት መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ኣስመራ ካብ ሃለው: መንግስቱ ሃይለማርያም'ውን ኣብ ኣስመራ ይህሉ ይኸውን ኢለ'የ ዝኣምን።

## ዲፕሎማስያዊ ርክባት ኢሰያስ ምሰየኖት ሃገራት'ዩ?

ዲፕሎማስያዊ ርክባት ኢሰያስ እንተድኣ ብኣድህቦ ተኸታቲልናዮ: ብስዉር ቀንዲ ዝምድናኡ: ምስ መንግስቲ እስራኤልን ኣሜሪካን ኢጣልያን ክኸውን ከሎ: ህዝቢ ንምድንጋር ግና: ኣብ ክንዲ ምስ ጐረባብቲ ኤርትራ ምዝማድ: ምስተን ካብ ኤርትራ ብዶብ ዘራኽባን: ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዘይሓገዛን ሃገራት'ዩ። ንመረዳእታ እቲ ግሁድ ውዲታዊ ርክቡ: ምስ ከም ብዓል ሊብያን ግብጽን: ደቡብ ኣፍሪቃን'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዝምድና ኢሰያስ: ምስታ ኣብ እዋን ሰውራ ኤርትራ ቅንጣብ ሓገዝ ዘይሓገዘትን: ንረፈረንደም ኤርትራ ክትዕንቅፍ ድማ ንጴጥሮስ ቃሊ ዝልኣኸት ሃገር ግብጽን: ምስታ ኣብ እዋን ሰውራ ኤርትራ ንቃልሲ ኤርትራ ንኽተፍሽል: 80 ታንክታት ንመንግስቱ ሃይለ-ማርያም ዝዓደለት ሃገር ልብያን'ዩ። ምስ ነጻነትካ ዝኣመናልካ ጐረባብቲ ሃገራት ክትናኸስ: ምስ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ግና ክትዛመድ ነውሪ'ዩ። ንኣይግዳዱ ኢሰያስ ግና ብልዑላውነት ኤርትራን: ብህዝቢ ኤርትራን ፈጺሙ ስለዘይኣምን ነውሪ ኣይኮነን።

እሞ ንመን ከታልል ድኣ'ዩ ኢሰያስ: ወግሔ ጸብሔ ኣብ ቃለ-ምሕታት ማዕከናት ዜና: ተጠሊዑ መራሕ መንግስቲ ከምዝኾነን: ንሃገር ኤርትራ ከምዝሓልን ዓጀውጀው ዝብል ዘሎ? ኢሰያስ ካብ'ዚ ገቢቱዎ ዘሎ <u>ሕገ ኣልቦ ስልጣን</u> ከልግስ ዝግደድ: ህዝቢ ኤርትራ ምስጢር ኢሰያስ ምዝርድኦ ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ኢሰያስ መን'ዩ?

ስለምንታይከ ንሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ? ኣብ ሜዳ ኤርትራኸ እንታይ ኣሉታዊ ፍጻሜታት ፈጺሙ? ሎሚኸ እንታይ ይፍጽም ኣሎ? ዝብሉ ሕቶታት ምስ ዝምልስን: ነቲ ኢሰያስ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ነዚሑዎ ዘሎ ፈላላዪ መርዚ ምስ ዝርድኦን ጥራይ እዩ: ካብ ስልጣኑ ክልግስ ዝግደድ። ህዝቢ ኤርትራ ብፍልጠት ሓቢሩ ንጕድ ኢሰያስ ፈቲሹ: ምስ ፈለጠ ጥራይ እዩ: ፋሺስታዊ ኢሰያስ ካብ ስልጣኑ ክለቅቕ ዝግደድ።

## መ ደ ም ደ ም ታ

ርግጽ'ዩ ንኹሉ ገበናትን ምስጢራትን ኢሰያስ ተንቲንካ ኣይውዳእንዩ። ካብ'ቲ ማእለያ ዘይብሉ ገበናቱን ሓጥያቱን ግና: ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝገለጽኩወን ውሑዳት ጥራይ ክገልጽ ፈቲነ። እቶም ካባይ ንላዕሊ ዝልብሙን ዝፈልጡን ዝተማህሩን: እሞከኣ ብሓቂ ብወጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓዝኑን ደቂ ኤርትራ ግና: ካባይ ንላዕሊ እጃሞም ከበርክቱ እጽውዕ። ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን ኩላትና ኤርትራውያን: ብሕልፊ ከኣ እቶም ኣብ ውጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን: ዓዲ በጺሓም ኵነታት ህዝቢ ኤርትራ: ብዓይኖም ዝርኣዩ እጃሞምን እገዳኦምን ከሓይሉ ለበዋይ ኣመሓላልፈሎም። ብሓጺሩ ነዚ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ልኡኽ ባዕዳውያን ገበል ብኸመይ ነልግሶ? ኣብ ዝብል ራእዪ ተመርኲስና: ሓቢርና ክንምክት እዋኑ ይጠልበና ስለዘሎ: ቀላዓለማዊን ውድባዊ ሕማማት ገዲፍና: ስሙር ዋዕላ ደቂ ሃገር ክንምስርት ኣሎና። መኸንያቱ በበይንኻ ብኸያት: በበይንኻ ስሓቕ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ገበል'ዚ ከገላግሎ ኣይክእልን'ዩ። ስለ'ዚ ንጕዳይ ኤርትራ ዝፈትሖ ስምረት ጥራይ ስለዝኾነ: ኩላትና ደቂ ሃገር ብስኒትን ብፍቕርን: ብሓደ ኮፍ ኢልና ብሓባር ክንዛተ ግድነት ይኸውን። ካብ ባዕዳውያን ተጽዕኖ ነጻ ዝኾነ ባይቶ ሃገር: ብህጹጽን ብሓባርን ክንምስርት እንተድኣ በቒዕና: ኢሰያስ ከምቶም ቅድሚ ሕጂ ዝሓለፉ ፋሺስታውያን መራሕቲ: ነበረ ከምዝብሃል ጥርጥር የብለይን። እዚ ወድሓንኩም።

ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ
ለንዶን 10 መጋቢት 2010 ዓ.ም.